ወርሒ መጋቢት 64 ቶጎሩባ ሐበን
ንጅግንነትኩም ኣይንርስዖን ኣበደን
ንቃለስ ኣለና ታሪኽም ከይደፈን“




ንዝኽሪ ቶጎሩባ 56 ዓመት
ንጅግንነት ሰራዊት ሐርነት
ረሲዕናዮ ማለት ዘበትዩ ዘበት
ቃልስና ህግደፍ ከባታተት“

ቶጎሩባ ትብል ኣላ ደጊም ያኣክል
ትጽውዕ ኣላ ከም ትማሊ ና ክነትክል
ኣይናትናን ዩ ንታሪኽና ዝብክል“

ከንዲ መን ወኪሉካ ውርድ
መንእሰይ ዶ ካብ ዓዱ ይስደድ
ብድርሰት ህግደፍ ኣወል ሰዒድ
ገይም ኦሸር እንዳ በለ ይህድድ“

ታሪኽና ብደም ጀጋኑ ተነዲቑ
ብእኽብካብ ጭፍራ ተሰሪቑ
ን29 ዓመት ንውቀ ሰብ ዝምርቑ“

(ኣይረሳዕናዮን ታሪኽ ቶጎሩባ)
ኣብ ታሪኽ ጀጋኑ ተኸዊልካ ጉራ
ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ጭፍራ
ካብ ራስ ቄሳር ክሳብ ራስ ዱሜራ
ፋሕ ፋሕ ኢልና ከም ደቂ ዛግራ“

*ንህዝቢ ኤርትራ ብኣፉ ዓቢሱ*
*ኢሰያስ ንኣቢዩ ወኪሉ መሊሱ*
*ደምና ኣብ ሕድ ሕድ ፈሲሱ*
*ጉዳይና ናብ ሐምሳት ተመሊሱ“*

*መዓስ ኢና ብቛንቋ ህግደፍ ንዛረብ*
*ማዓስ ኢና ኣብ ባይቶ ንተኣኻኸብ*
*ንድሕነት ህዝቢ ክንብል ዘብዘብ“*

*(ኣይረሳዕናዮን ታሪኽ ቶጎሩባ)*
*ትኽስ ድሙስ መዘንግዒ ኣናጹ*
*ብዋጋ ኤርትራዊያን ክማራረጹ*
*ህግደፍ ውዲት እንዳ ሐንጸጹ*
*ሕጂስ ያኣክል ክንዲ ዘድምጽ*
*ብፍርሒ ተዓምጺጾም ይድቅሱ“*

*(ኣይረሳዕናዮን ታሪኽ ቶጎሩባ)*
*ህዝቢ ኤርትራ ዝነብዖ ያኣኽሎ*
*ኤርትራዊ መንእሰይ ሕጂ ተዳሎ*
*ካብ ጉሒላ ንነጻነትካ ክትምንጥሎ።*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ;ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና፣ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን፣ ብኣባል ተሐሌ በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።*